# “በየነ ሃይለ – ደራሲ ኣብ እለሻ ኣድማሳዊ ሓቅታት”

ገምጋም ልበ-ወለድ መጽሓፍ

**“ትጽቢት ባህጉ>**

ደራሲ:-- በየነ ሃይለ

ኣሕተምቲ ሕድሪ: ኣስመራ: 2006

301 ገጻት

**ISBN: 99948-0-033-7**

㎜k„íF¥] …LS

ኣብ መመረቕታ መጽሓፍ ዝቐረበ

ታሕሳስ 22: 2006

ሆተል እምባሶይራ: ኣስመራ



PDF created with pdfFactory trial version www.pdffactory.com

# በየነ ሃይለ – ደራሲ ኣብ እለሻ ኣድማሳዊ ሓቅታት

ሰላም! ደሓን'ዶ ኣምሲኻትኩም? ምናልባት ብዙሓት ካባኻትኩም ንሓንቲ መጽሓፍሲ ክንድ'ዚ ዝብዝሓም ሰባት በብተራ ኣብ መድረኽ እናቐረቡ ክግምግሙዋ: ክህይሱላ: ክትንትኑላን ክዋስኡላን ከመይ ዝበለት ኰይና ድኣ'ላ ኢልኩም ትግረሙ ኣይትሰኣኑን; ምግራምኩም ድማ ኣይጽላእን ኢዩ; ከም'ቲ ባዕሉ ደራሲ በየነ ሃይለ ኣብ ፈለምቲ ገጻት ናይ'ዛ ሎሚ እንምርቓ ዘሎና ***ትጽቢት ባህጉ*** ዝበሎ:-

> "ምግራም ምንጪ ስልጣነ ኢዩ; ድሕሪ ውግእ ዝመጸ ክስተት ይኹን ተኣሊኹ ዝጸንሐ ጉድ ገና ኣየረጋገጽኩን; ሕማም ዘይምግራም ብቕልጡፍ ይላባዕ ከምዘሎ ግና ግሉጽ ኰይኑ; ወዲ-ሰብ ምግራም እንድሕሪ ኣጥፊኡስ ኣኺሉዎ እየ ዝብል፤ ካን ኣኺሉዎ መቓብር ጥራሕ ኢዩ ዝጽበዮ; ጸሎትና ማይ ኣውርደልና: ከብድና ምልኣልና ዘይኰነስ ክእለት ምግራም ሃበና ኢዩ ክኸውን ዘለዎ; ምኽንያቱ: ምግራም እንተ ዘየልዩ ነቲ ረቒቕን ውሕሉልን ሕቶታት ህይወት መደራግሒ ምላሽ ዓያሹ ክጸቕጦ እዩ; ስነ-ጥበብ እንድሕሪ ዘይነጊሱ: ኣደዳ ቀለምቀመሳት ክንከውን ኢና;"
>
> – (***ትጽቢት ባህጉ***: ገጽ 5)

ኣሽሓት ዓመታት ዝገበረት: ካብ ጥንታዊት ህንዲ ዝመበቆላ: ግዳ ብዝያዳ ምስ'ቲ ውሩይ ናይ መበል 13 ክ/ዘመን ናይ ሱፊ መምህርን ፍላስፋን ዝኾነ ፋርሳዊ ጀላሉዲን ሩሚ እትተኣሳሰር ሓንቲ ጽውጽዋይ ከካፍለኩም; ኣብ ሓደ ዓዲ ብዛዕባ ሓርማዝ ሰሚያምን ርእዮምን ዘይፈልጡ ሽዱሽተ ዓይነ-ስውራን ሰባት: ሓንቲ ኣገራሚት ዝኾነት ገዛፍ እንስሳ ሓርማዝ ትበሃል መጺኣ ኣላ ተባሂሎም: እንታይ ከምትመስል ንኽፈልጡ በብሓደ እናቐረቡ ይድህስሱዋ; እቲ ቀዳማይ ኣብ እግራ ዝዳህሰሳ: እዋይ እዛ ሓርማዝሲ ፈሊጠያ ካን ከም ገዚፍ ዓንዲ እባ'ያ በለ። እቲ ካልኣይ ቀሪቡ ነታ ሓርማዝ ኣብ ንጎታ በእዳዉ ድሕሪ ምድህሳስ: ብምሉእ ርእሰ-ተእማማንነት ሓርማዝሲ ከም'ዚ ናይ ማይ ቱቦ ኢ.ያ በለ; መበል ሳልሳይ ዓይነ-ስውር ንኽልቲኡ ኣቕርንተ-ኣስናና ድሕሪ ምድህሳስ: ሓርማዝ ከም ልሙጽን ኣብ ጫፉ ድማ ሽልሕ ዝበለን ጴላ ኢ.ያ ትመስል በለ; እቲ ራብዓይ ኣብ እዝና ዝዳህሰሳ ድማ ሓርማዝ ንዓቢ መሽረፈት ከም ትመስል ገለጸ; እቲ ሓምሻይ ኣብ ከብዳ ዝዳህሰሳ ድማ ኣይፋሉን ሓርማዝ ከም መንደቕ ኢ.ያ ክብል ከሎ: መበል ሻድሻይ ኣብ ጭራኣ ዝሓዛ ድማ ኩሉኹም ተጋጊኹም: ሓርማዝ ከም ገመድ ኢ.ያ ትመስል በለ; እዞም ሽዱሽተ ዓይነ-ስውራን ሓርማዝ ከም'ዚ 'ባ ትመስል ከም'ቲ 'ባ እናበሉ ኣብ ነንሓድሕዶም ዳራጋ ናብ ባእሲ ዘምርሐ ብርቱዕ ክትዕ ኣልዒሎም ታዕ-ታዕ ክብሉ ዝሰምዐ ሓደ ምርኣይ ዝተዓደለ ለባም ሓላፍ መንገዲ: ነገሮም ተረዲኡ፡ ድሕሪ ነዊሕ መግለጺ ኩሎም ብዛዕባ ሓርማዝ ዘለዎም መረዳእታ ምሉእ ብምሉእ ጌጋ እኳ እንተዘይተባህለ: ክፋል ናይ'ታ ሓርማዝ ድኣ'ምበር እቲ ፍጹም ሓቅነት ብዛዕባ ሓርማዝ ንምስትምቓር ንኹሉ ክፋላታ ብጥቕላል ብዓይኒ ክርእዩዎ ከም ዘድልዮም ከረድኦም ይፍትን;

ኣርእስቲ ናይ ድርሰተይ *"በየነ ሃይለ -- ደራሲ ኣብ እለሻ ኣድማሳዊ ሓቅታት"* ዝብል'ዩ; ከም በዓል በየነ ዝኣመሰሉ ደረስቲ: ቀንዲ ዕማሞም ንኣገረምቲ ሕቶታት ህይወት ኣብ ክንዲ ከም ዓይነ-ስውራን ብጸቢብ ክፋሎምን ጎደሎ ሸነኻቶምን ንርእዮም: ናይ ስነ-ጥበብ መንፈሳዊ ዓይንና ከም ነንቀሕን: ነቲ ኣድማሳዊ ሓቅታትን ክብርታትን ጽባቐታትን ብምልኣት ንኽንርእዮ ዝሕግዙና ኣርእዮም ዝርእዩ ረኣይቲ ኢዮም ክንብሎም ንኽእል; በየነ ሃይለ ዳር.ጋ ፍርቂ ዘመን ዘወሰደሉ ዘይሕለለ ጻዕሪ ስነ-ጽሑፉ ኣብ ምእላሽ ኣድማሳዊ ሓቅታት ኢዩ ኣጥፊኡዎ እንተብልና እምበኣር ምግናን ኣይኰነን; ብቓላት በየነ ሃይለ: ወይ ድማ ብቓላት ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ***ድኻን ትብርህ*** ንረኽቦም ገጸ-ባህርያት: እቲ መንነቱ ብዙሕ ዘይተነጸረልና



PDF created with pdfFactory trial version www.pdffactory.com

ምስጢራዊ <ቀዳማይ ጸሓፋይ> ኣብ መዝገቡ ዝተረኽበ ምስክርነት ከም ዘግህዶ፡ ተልእኾ ናይ ስነ-ጽሑፍን ደራሲን ክገልጽ ከሎ ከም'ዚ ዝስዕብ ይብል፡-

> "ነዚ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ሓቅን ዝተገተረ፡ ፍሉጥ ቅርጺ ዝይብሉ፡ ኲይኑዎ ብዕሽላዊ ድፍረት ዝዕንቅጸኒ ዘሎ መጋረዲ በሲዐ ክሳገሮ ምደለኹ፤ ንሓንሳብ እታ ኣብ ውሽጢ በዓቲ ተሓቢኣ ዘላ ሓቂ፡ ምሉእ ዕጥቂ ኣካላታ ዘይኰነስ ክፋላት ጽባቒኣ እናሳዕ በብቑሩብ እናተቐልዐት ተተሃራርፈኒ ኣላ፤ ኣየ ክንደይ ብሙሉኣ ክጥምታ ምደለኹ! ክንደይ ክሓቝፋ ምፈቐድኩ! ክንደይ ናተይ ክብላ ምደለኹ! ምኽንያቱ ከም'ዚ ውርግርግ ዝብለኒ ዘሎ ሕልማዊ ኣረኣእያ ዘይኰነስ ብንጹር ምስ ሓቂ ገጽ ንገጽ እንተ ዝገጥምስ እቲ ናይ'ዚ ዘመን'ዚ ዝዓበየ መጽሓፍ ምደረስኩ፤"
>
> – (**_ድኻን ትብርህ_** : ገጽ vii)

በየነ ሃይለ ከም ደራሲ ሓደ ካብ'ቲ ቀንዲ መለለዪ ባህሪኡ ኣብ ኩለን እተን ክሳዕ ሕጂ ዘፍረየን ስነ-ጽሑፋዊ ስራሓቱ ይኹን ድርሳናቱ፡ ከይተሓለለን ብትብዓትን ንኣድማሳዊ ሓቅታት ክእልሽ ዝፍትንን ንዓበይቲ ግድላት ህይወት መልሲ ክረኽበሎም ዝጽዕርን ምኳኑ እዩ፤ ነዚ ዝገልጽ ከም'ዚ ኣብ ላዕሊ ዘቕረብኩዎ ብዙሕ መረዳእታታት ክጥቀስ ይከኣል'ዩ፤ ኩሎም እቶም ቀንዲ ጠባያት ናይ መጽሓፍቱ ንኣድማሳዊ ሓቅታትን ልዑል ስነጥበባዊ ክብርታትን ዝውክሉን፡ ከይተሓላሉ ኣብ ምንዳይ እቲ ረቂቕ ዝኾነ ሓቅታት ዝርከቡን እዮም፤ እቲ ቀዳማይ ፍጡር ናይ በየነ ሃይለ ዝኾነ ግዙፍ ገጸ-ባህርይ ወይ ጠባይ (epic hero) እቲ ኣብ ***ዓቢዶ'ዶ ትብልዎ?*** እትብል ፋልማይቲ ድርሳነ-ፈጠራኡ ንረኽቦ መዝገበ-ጥበብ ኣማኑኤል ዝተባህለ ስነጥበብኛ ኢዩ፤ እዚ ናይ ሓደ ኣርቲስት ሚሳል፡ ንፍጹምነትን ኣድማሳዊ ሓቅን ጽባቐን ብመንገዲ ስነ-ጥበብ ኣቢሉ ንኽእልሽ ዘሕልፎ ሃልኪን ኣብ መጠረሽታ ድማ ንስለ ዝኣመነሉ ስነ-ጥበባዊ ሕቂ/ሓቅታት፡ ኣብ ሸዊት ዕድሚኡ ምስ ኩሉ ተስፋታቱ እንከሎ ማዕረ ህይወቱ ንመስዋእቲ ኣሕሊፉ ብምሃብ ዝወፈየ ግዙፍ ጎብለል እዩ፤ ኣብ'ታ ኣብ 1958 ብማኑስክሪፕት መልክዕ ተጻሒፉ ድሕሪ 7 ዓመታት ኣብ 1965 ዝተሓመት ***ዓቢዱ'ዶ ትብልዎ?*** ዘርእስታ ቦኾሪ መጽሓፉ ድማ ደራሲ በየነ ሃይለ ንመዝገበ ብኸምዚ ይገልጾ፡-

> "መዝገበ ካባና ተፈልዩ ቢልና ክንሓዝን ኣይግባኣናን ኢዩ፤ ስለምንታይ መዝገበ ንዓና ቢሉ ኣይተፈጥረን፤ ንሓደ ንእሽቶ ስድራቤትና፡ ወይ ነዛ ንእሽቶ ዓድና፡ ወይ ከኣ ንኣፍሪቃ ጥራሕ ኣይተፈጥረን። መዝገበ ንምሉእ ዓለም እዩ፤ እቲ ስራሑ፡ እቲ ዘፍርዮ ነገር፡ ዘርእን ዓሌትን፡ ሃብትን ድኽነትን፡ ዓድን ሃገራትን ዝፈላሊ ዘዳሉ ኣይኰነን፤ . . . መዝገበ ከኣ ወድኺ ጥራሕ ኣይኰነን፤ ስድራቤቱ ከም ናይ ማንም ሰብ ጸቢብ ኣይኰነን፡ ብጣዕሚ ሰፊሕ እዩ፤ ከመይ ማለት ዓለም ብምልእታ ናይ መዝገበ ገዛ እያ፤ ንጃፓናውያን ወዲ ሓወቦኦም፡ ንሩስያውያን ወዲ ሓትኖኦም፡ ንኣመሪካውያን ወዲ ኣኮኦም ወዘተ. እዩ፤ ብሓጺሩ መዝገበ ናይ ምሉእ ዓለም ክቡር ገንዘብ ማለት እዩ፤ . . . መዝገበ-ጥበብ ሕይወቱ ንጥበብ ሰዊኡ፡ ክንዲ ድንቁርና ሰብ ቢሉ ንነፍሱ ዳርጋ ባዕሉ ኣብ ሸዊት ዕድሚኡ ቀንጢሱ፤ ምናልባት ገሊኦም ሰባት መዝገበ ሓንቲ መዓልቲ ኣይተሓጐሰን ዝብሉ ኣይሰኣኑን፤ ግና መዝገበ ዝሓዘነሉ እዋን ሖዶት እዩ፤ ንጽባቐ፡ ንዓብይ ጥበብን ፍልጠትን ቢልካ ሕይወትካ ምስዋእ ታሕጓስ ብምኳኑ፡ መዝገበ'ውን ኣዕርዩ ተሓጒሱ እዩ፤"
>
> – (***ዓቢዶ'ዶ ትብልዎ?*** : ገጽ 108-109 )



PDF created with pdfFactory trial version www.pdffactory.com

እምበኣር መብዛሕትኡም እቶም ደራሲ በየነ ሃይለ ኣብ'ተን 3 ኣብ ሕትመት ቀሪበን ዘለዋ ናይ ድርሳነ-ፈጠራ ስራሓቱ – ***ዓቢዶ'ዶ ትብልዎ?፡ ድኳን ትብርሁ፡ ሕጂ ድማ ትጽቢት ባህጉ*** – ዝፈጥሮም ገጸ-ባህርያት ግዙፋት ወይ ድማ ኤፒካውያን፡ ቀንዲ መለለዪ ባህሪኦም ድማ ምእላሽ ኣድማሳዊ ሓቅታት ዝኾኑ እዮም; ኣብ'ዚ ምናልባት ሓደ ነጥቢ ከየስመርኩሉ ክሓልፍ ዘይደሊ፡ ግን ከኣ ከም ርዱእ ዝወሰድኩዎ ኣሎ; ንሱ ድማ ሽሕ'ኳ በየነ ሃይለ ኣትኵሮኡ ከም ስነ-ጥበበኛ ኣብ ምእላሽ ኣድማሳዊ ሓቅታት'ዩ እንተበልናዮ፡ ግናኸ ኣብ ኩሉ ስራሓቱ ዓሚቝ ሰረት ኣብ ኤርትራዊ ባህሊን ኤርትራዊ ሃገራዊ ክንውነትን ታሪኽን ዘለዎን፡ ምስ ባህሉን ያታታት ኣበዋቱን ህያው ምትእስሳርን ጥቡቕ ዝምድናን ፍልጠትን ሒዙ ዝብገስ ምዃኑን እዩ; ነዛ ነጥቢ እቶም ቅድመይ ዝቐረቡ ሃየስቲ ብዝርዝር ተንቲኖማ ስለዘለዉ ኣብ'ዚ ብዙሕ እንተዘይተዛረብኩላ፡ ኣገዳስነታ ዘንጊዐ ወይ ዕሽሽ ኢለ እሓልፋ ከምዘየለኹ ክትግንዘቡለይ እደሊ;

ብዛዕባ ቀንዲ ተልእኾ ስነ-ጽሑፍ ድማ፡ ኣመለኻኽታ ደራሲ በየነ ሃይለ ኣብ'ቲ ናይ ልዕሊ 50 ዓመታት ዝወሰደሉ ስነ-ጥበባዊ ጉዕዞ ዘለዎ ራእይ ብዙሕ ዝቐየረ ኣይመስልን; ኣብ መቕድም ***ዓቢዱ'ዶ ትብልዎ?*** ዝጸሓፎ ምስ እንርኢ ድማ፡ ምስ'ቶም ድሒሩ ዘፈረዮም ስራሓት ብምንጽጻር ቀጻልነት ዘለዎ (**consistent**) ራእይ ከም ዘለዎ ንግንዘብ:-

> "ናይ ልበ-ወለድ ጸሓፍቲ ካብ ልክዕ ዝሓለፍ ክንምህር ክንግስጽ ክንመርሕ ዝብል ሕያዋይ መንፈስ ስለ ዘሕድሩስ ብዙሕ ካብ ናይ ጽሩይ ጽባቐ ከይረሓቑ ኣይክተርፉን ኢዮም; ከመይ ማለት መማህራን ካልኦት፡ ናይ ልበ-ወለድ ጸሓፍቲ ከኣ ካልኦት ከይኰኑ! -- ለበ-ወለድ ታሪኽ ናይ ርእሱ መልክዕ ዝሓዘ ሓደ ካብ ናይ ኣርትስ ቅርንጫፍ ኢዩ፤ ስለ'ዚ ናይ ኣርት ስራሕ ክኸውን ቀዳምነቱ ኢዩ; ምናልባት ንትምህርቲ ዝጠቅም እንተኾነ ብድንገት ጥራሕ ምዃን ኣለዎ; ብዛዕባ ናቱ ጥቕሚ ክንዛረብ እንከሎና ድማ ብዛዕባ 'ኤስተቲክ' ጥቕሚ ድኣ'ምበር፡ ኤኮኖምያዊ ምዃን ኣለዎ ቢለ ኣይኣምንን ኢየ; ብኢድ ዝጭበጥ ግዙፍ ጥቕሚ ንሕዝብን ንዓድን ዝገልግል ፍረ ካብ'ቲ ጸሓፋይ ምጽባይ ልክዕ ኣይመስለንን;"

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ከም'ቲ ገጣማይ ሃይለ ቢዘን ኣቐዲሙ ዝዘርዘሮ፡ ኣብ ቅዲ ኣጸሓሕፉ በየነ ሃይለ ምስ'ቶም ብኣህጉራዊ ደርጃ ፍሉጥን ፍሉይን ቅዲ ዘተኣታተዉ ዓበይቲ ስነ-ጽሑፋውያን ደረስቲ ከም'ኒ ዊልያም ፎልክነር፡ ጋብርየል ጋርስያ ማርከዝ . . . ወዘተ. ከነወዳድሮ ንኽእል; ብኣጸሓሕፋ "ዋሕዚ ፍኑው ንቕሓት" (**stream of consciousness**) ዝፍለጥ ኣመሪካዊ ደራሲ ዊልያም ፎልክነር ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ምስ መንእሰያት ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ዝገበሮ ዘተን ክትዕን፡ ብዛዕባ ንምንታይን ብኸመይን ከም ዝጽሕፍ ተሓቲቱ ከም'ዚ ክብል መሊሱ:-

> "ሓደ ጸሓፋይ ነቲ ኣድማሳዊ ሓቂ ብዝበለጸ መንገዲ ገይሩ ክገልጾ ይህቅን፤ በቲ ዝሓጸረን ዝቐለለን ኣገባብ ጌሩ ኣብ ኣእምሮ ኣንበብቱ ደወል ከም ዘቓጭል ክገብር ይጽዕር; ደራሲ ንዘለኣለም ክነብር ከም ዘይኰነ፡ ነፍስወከፍ ድራሳኑ ድማ ናይ መጠረሽታኡ ክትከውን ከምትኽእል ፈሊጡ ይሰርሕ; ኣብ'ታ ትቕጽል ስራሑ ድማ ዕላማኡ ብምሉኡ ክወቅዕ ከም ዝኽእል ይትስፎ; ልክዕ ከም'ቲ ንጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት ኣብ ጫፍ መርፍእ ክትጽሕፋ ምፍታን ማለት'ዩ; እቲ ጻዕሪ ንኹሉ ስምዒታዊ ተኽእሎታት ልቢ ወድ-ሰብ ጸሚቝካ ኣብ ሓንቲ ሓረግ ጽሑፍ ከተስፍሮ ከም ምፍታን ማለት'ዩ; ሓደ ዕቱብ ዝኾነ ጽሑፋዊ ስራሕ እንተሎካ፡ ወይ ድማ ናይ ግድነት ክጽወየሉ ዘለዎ ኣድማሳዊ ሓቂ እንተሎካ፡ ዝገበርካ ጌርካ ብዝበለጸ ክእለትካ ተጠቒምካ ገለ ዝጽወየሉ መንገዲ ክትረክብ ኢኻ; እቲ ውሽጣዊ ድፍኢት



PDF created with pdfFactory trial version www.pdffactory.com

> ኣዝዩ ሓያል ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ ድማ፡ እቲ ጸሓፊ ነቲ ኣብ ውሽጡ ተዓብዒቡ ዘሎ ምእንቲ ክነግሮስ ኣድላዪ እንተዀይኑ ማዕረ ሓዳሩን በዓልቲቤቱን'ውን ክሳብ ምጥንጣን ክበጽሕ ይኽእል'ዩ፤"

ብመንጽር'ዚ ኸ ደራሲ በየነ ሃይለ እንታይ ይብል? ኣብ'ታ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተሓትመት መጽሔት **ጾዳል**፡ ደራሲ በየነ ሃይለ ንምንታይ ከምዝጽሕፍን ብኸመይን ንምምላስ ኣብ ዝጸሓፎ ድርሰት ከም'ዚ ይብል፡-

> "ስለምንታይ ክጽሕፍ ከም ዝደሊ ዝገልጽ ምላሽ የብለይን፤ ከም ውቃበ ኣብ ውሽጢ ህልውናይ ዝሰረጸ ድፍኢት ጽሓፍ-ጽሓፍ እዩ ዘጽሕፈኒ፤ ናይ'ቶም ስነጥበባዊ ሓይልታት ውርዉር ኲናት ኰይነ እየ ነቲ ብናብራ ገጢሙኒ ንውሽጠይ ዝሰፈረ ግጥማት ናብ ስነጥበባዊ ህልውና ክቕይር ዝፍትን፤ . . . ካብ ናፍቖት ሓቅን ጽባቐን ብዝርከቡ ቃላት ዝተሃንጹ ስነጽሑፋት ኣኻኺብና ንዓለም ኣቤት ከነብላ እንድሕሪ ክንነቅል ኴንና፡ ሓድሽ ራእይ ንሕቈፍ፤ ርሑቕ ንጠምት፤ ንሓቀኛ ተመኵሮና ማይ ብዘይጠዓመ ፈጠራዊ ቅዲ ሃኒጽና ንንባብ ነብቅዕ፤ ኣነ ድማ ጽባቐ ንኽወጽእ ነቲ ብሓሳባዊ ቀለም ኣብ ዝኽሮም ተዓቝቡ ዘሎ ምስልታት ብመጽሓፍ ኣብ ምውራድ ክተሓጋገዝ እብህግ፤"

ተወላዲ ኮሎምብያ ዝዀነ ጋብርየል ጋርስያ ማርከዝ፡ በቲ ኣደናቒ ሽሕራዊ ክውንነት ዝፍለጥ (**magical realism**) ንክውንነት ክሳብ'ቲ ንምእማን ዘጸግም ደረጃ ብምምጣጥ ንደቅሰባትን መናፍስቲን ኣብ ሓደ ብምውሳእ ዝጥቀመሉ ኣገራሚ ቅዲ ኣጸሓሕፋ እዩ፤ እዚ ተመሳሳልነት ናይ ቅዲ ኣጸሓሕፋ በየነ ሃይለ'ውን ብዝተፈላለየ መንገዲ እዞም ቅድመይ ዝቐረቡ ሃየስቲ ተዛሪቦምሉ ኣለዉ፤ ኣብ'ዚ ትንክፍ ኣቢለዮ ጥራሕ ዝሓልፍ ኣገዳሲን ሰፊሕ ስነጽሑፋዊ ህየሳን ትንታነን ዘድልዮ ጉዳይ ኣሎ፤ ንሱ ድማ ደራሲ በየነ ሃይለ ኣዝዩ ሕብራዊ ዝዀነ ገላጺ ቅዲ ኣጸሓሕፋ ዝውንን፡ ከምኡ ድማ ንቛንቋ ትግርኛ ብምሉእ ሓርነት ቅድሚ ሕጂ ብዘይተፈተነ ተዓጻጻፊን ቅንየታዊን ኣገባብ ዝጥቀመሉ ምዃኑ እዩ፤ እዚ ድማ ምናልባት ኣብ ርእሲ'ቲ ደራሳይ ምዃኑ፡ ኣብ ቅብኣ ስእሊ'ውን ዝነጣጠፍ ኣርቲስት ስለዝዀነ ዶ'ዀን ይኸውን ዝብል ሕቶ የላዓዕል፤

ሓደ ሓደ ኣንበብቲ፡ ልበ-ወለዳዊ ስራሓት በየነ ሃይለ ከይነስተማቕር ምንባቡ እናበርትዓና፡ ኣጸሓሕፋኡ ዝተሓላለኸ ኰይኑ፡ ብቐሊሉ ተነባባይ ኣይኰነን ኢሎም ዘቕርቡዎ ሓውሲ ነቐፌታ ኣሎ፤ ሓጺር መልሲ ናይ'ዚ፡ ስነጥበብኛ ካብ'ቲ ሓኹሩዎ ዘሎ እምባ ናባኻ ኣይወርድን ኢዩ፡ ንስኻ ኢኻ ከም ኣንባባይ ወይ መስተማቕሪ ናይ'ቲ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ናብ'ቲ ልዑል ደረጃ ስነ-ጥበበኛ ክትድይብ ጻዕሪ ክትገብር ዘለካ ዝብል ኢዩ፤ ባህሪ ናይ ኣርት ኣብ መላእ ዓለም ከምኡ ስለዝዀነ -- ቢትሆቨን ናባኻ ክወርድ ዘይኰነስ ንስኻ ኢኻ ናብ'ቲ ሙዚቃዊ እምባኡ ክትሓኵር ዘለካ፤ ቅብኣ ፒካሶ ንክተስተማቕር ፒካሶ ብመጀመርያ ነቲ ትሑት ኤስተቲካዊ ዓቕምኻ ዝበቅዕ ስእሊ ክስእለልካ ኣይኰነን፡ ተማዊትካ ንቅብኣታት ፒካሶ ናይ ምስትምቃር ሸውሃት ክትኵስኵስ ጥራሕ'ዩ ዘለካ፤ ፍራንዝ ካፍካ (**Franz Kafka**)፡ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲን ጸለውቲን ናይ መበል 20 ክ/ዘመን ናይ ስነ-ጽሑፍ ሰባት፡ ኣብ'ዛ ጉዳይ'ዚኣ ዝብሎ ጠቒስካ ነዛ ተደጋጊማ እትቐርብ ዘይቅብልቲ ምኽኒት ምዕጻዋ ዝሓይሽ ይመስለኒ፡-

> **"I think we ought to read only the kind of books that wound and stab us. If the book we're reading doesn't wake us up with a blow on the head, what are we reading it for? So that it will make us happy, as you write? Good Lord, we would be happy precisely if we had no books, and the kind of books that make us happy**



PDF created with pdfFactory trial version www.pdffactory.com

**are the kind we could write ourselves if we had to. But we need the books that affect us like a disaster, that grieve us deeply, like the death of someone we loved more than ourselves, like being banished into the forests far from everyone, like a suicide. A book must be the axe for the frozen sea inside us. That is my belief."**

ካልእ ኣገዳሲ ነጥቢ ብሕልፊ ኣብ'ዘን ክልተ ዳሕረዎት ስራሓቱ በየነ ሃይለ ዘልዕሎ ኣርእስቲ ኣብ መንነት እቶም ሓቀኛ ምሁራትን (**true intellectuals**) ኣብ መንነት "ቀለምቀመሳትን" ዘሎ ፍልልይ ኢዩ፤ ከም'ቲ ሓደ ሓደ ብጌጋ ዝርድእዎ፡ በየነ ሃይለ ኣብ ድርሳነ-ፈጠራዊ ስራሓቱ ጸረ-ምሁራን (**anti-intellectual**) መርገጽ ኣይወስድን ኢዩ፤ የግዳስ ደጋጊሙ ብዝተፈላለየ መልክዕ ከም ዘቕርቦ፡ ካብ'ቲ ጥማዓዊ ዝኾነን ዕምቆትን ሰረትን ዘይብሉን ፍልጠት ቀለምቀመሳት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ከመጽኦ ዝኽእል ሃስያ ምጥንቃቕ ዝመስሉዎ የለን በሃላይ ኢዩ፤ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዙሓት ተመራመርቲ ከም ዝሰማምዑሉ፡ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ጠንቂታት ና'ይ'ቲ ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት መዋእለ ድሕረ-መግዛእቲ ንኣህጉርና ኣፍሪቃ ሓማሚሱዋ ዝርከብ፡ ኣብ ክንዲ ሓቀኛ መሪሕነት ናይ ኣብ ክውንነት ሕብረተሰቦምን ባህሎምን ሓያል ሰረት ዘለዎም ምሁራን ትረክብ፡ ብሰንኪ ግጉይን በለጻዊን ኣመራርሓ ናይ'ቶም ብቕልውላው መንነት ዝሳቐዩ ቀለምቀመሳት መመሊሳ ናብ ዓዘቕቲ ድሕረትን ድንቁርናን ድኽነትን ብልሽውናን ሕማቕ ምሕደራን እናተሸመመት ትኸይድ ምህላዋ ኢዩ፤

ብመንጽር'ዚ መብዛሕትኦም እቶም ኣብ መጽሓፍቲ በየነ ሃይለ ቀንዲ ተራ ሒዞም ዝዋስኡ ገጸ-ባርህያት ከም በዓል መዝገበ፡ ጉዕላይ፡ ጸጋይ፡ ዶ/ር ጃብር፡ ሃብተ፡ ዓብዱ፡ ቪድዮ፡ ዶ/ር ኣሚና፡ ምላሹ፡ ሕጂ ድማ ኣብ ***ትጽቢት ባህጉ*** ከም በዓል ሱሌማን፡ ባህታ፡ መሓመድ እድሪስ፡ ጸሓፋይ፡ ኣዛሚት፡ ፍላስፋ ሀንዲ፡ ትጃር . . . ወዘተ. ሓቀኛ ምሁራን (ወይ ድማ ብኣበሃህላ ማርክሳዊ ኢጣልያዊ ፍላስፋ፡ ኣንቶንዮ ግራምሺ፡ "**organic intellectuals**") ኰይኖም፡ ግዜኣቶም ኣብ ምእላሽ ሓቅታትን፡ ኣብ ክትዕ ብዛዕባ ዓበይቲ ሓሳባትን ኣምራትን፡ ኣብ ሶቕራጥያዊ ፍልስፍናዊ ዳያሎግ ወይ ድማ ዘተ፡ ኣቢሎም ኣቢሎም ድማ ኣብ ምንዳይ ነባሪ ፍታሓት ንኹሎም ግድላትን ጸገማትን ሕብረተሰብ ኢዮም ዘሕልፉዎ፤ ብዛዕባ ካብ ጸልማት ድንቁርና ንምንጋፍ ዝግበር ኣእምሮኣዊ ኣግእዞ ንምርዳእ'ውን፡ ደራሲ በየነ ሃይለ ደጋጊሙ ኣብ ጽሑፋቱ ኣገደስቲ ኣስተምህሮታት ናይ ዓበይቲ ፍላስፋታትን ተመራመርቲን ጸሓፍቲን ዓለምና ይጠቕስ -- ንኣብነት'ኳ እታ ብተደጋጋሚ ከም ኣብነት ዘቕርባ ናይ ጥንታዊ ግሪኻዊ ፍላስፋ ፕላቶ ምስላ በዓቲ (**allegory of the cave**) ንዘለዎ መርገጽ ኣብ ጉዳይ ምሁራንን ቀለምቀመሳትን እኹል መረዳእታ ትህበና፤

ንእግረ መንገደይ፡ ደራሲ በየነ ሃይለ ኣብ ሕቶ ምሁራን ብሰነ-ጽሑፋዊ መንገዲ ዳህሲሱዎ ዘሎ ኤርትራዊ ኣበርክቶ፡ ልክዕ ከም'ቲ ኣህጉራውያን ምሁራን ከም በዓል ነፍስ-ሄር ፍልስጥኤማዊ ተቓላሳይ ምሁር ኤድዋርድ ስዒድ ኣብ'ታ ***Representation of the Intellectual*** እትብል መጽሓፉ (ጽማቕ ናታ ኣብ "ኣገዳሲ ጽሑፋት" ኣብ ነሓሰ 2004 ኣብ'ዚ ኣብ ኤርትራ ብሓልዮት ማእከል ምርምርን ስነዳን ተሓቲማ ዝተዘርግሐት ኣገዳሲት ጽሕፍቲ)፤ ከምኡ ድማ ኬንያዊ ተቓላሳይ ጸሓፊን ምሁርን ኣብ'ታ ኣብ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ብመልክዕ ኣስተምህሮ ካብ ዘቕረቦ ጽሑፍ ተዋጺኣ ዝተሓትመት ***Penpoints, Gunpoints and Dreams*** ዘርእስታ መጽሓፉ ቀሪቡ ዘሎ ትንተና ዝዳረግ እዩ፤

ኣብ መደመደምታ ኣብ'ዚ ሎም ምሸት ተኣኪብናሉ ዘሎና ኣጋጣሚ፡ ናይ ***ዓቢዶ'ዶ ትብልዎ?*** ቀንዲ ገጸ-ባህርይ ዝኾነ መዝገበን፡ ናይ ***ትጽቢት ባህጉ*** ጸሓፋይን ኣብ መንነትና ገጽ ንገጽ ተራኺቦም ከዕልሉን



PDF created with pdfFactory trial version www.pdffactory.com

ክዛተዩን እንተዝኸእሉስ እንታይ ኰን መተባሃሃሉ? ብርግጽ ከም ኣቦን ውሉድን ናይ ክልተ ወይ ሰለስተ ተኸታተልቲ ወለዶታት: ብዛዕባ ውርሻን ጉዕዞን ስነ-ጽሑፍ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ 40 ዓመታት ብዙሕ መዋግዑ; ምናልባት ከም'ቲ መዝገበ ቅድሚ 40 ዓመታት ብሓውሲ ትስፉው ምዕደዋ ንርሑቕ መጻኢ ዝተነበዮን ዝተመነዮን ምዕባለ ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ: ስነ-ጽሑፍ ድማ ብፍላይ ገና ኣይበጻሕናዮን ዘለና; ግናኸ ሓደ ዘይክሓድ ሓቂ: ናጽነት ኤርትራ ዝኸሰቶ ሓድሽ መድርኽ ንስነ-ጽሑፍና ዓቢ ድፍኢት ኰይኑዎ ኣሎ; ከም ሕብረተሰብን ናጻ ህዝብን ሃገራዊ ስነ-ጽሑፍና ናብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ኣብ ዝግበር ዘሎ ኣገዳሲ ጻዕሪ ድማ: ደራሲ በየነ ሃይለ  ነቲ ጉዕዞ እለሻ ኣድማሳዊ ሓቅታት ብዝተዓጻጸፈ ስነጥበባዊ ብልሕን ትስፉው ወኒን ከይተሓለለ ይቕጽሎ ኣሎ; ከም መርኣያ ናይ'ዚ ልዑል ስነ-ጽሑፋዊ ጻዕሪን ኣበርክቶን ድማ እንሆ ሎሚ ነዛ ሓዳስ ውላድ ድርሳነ-ፈጠራኡ ዝኾነት **ትጽቢት ባህጉ** "ንምጽምባል ተኣኪብና ንርከብ; ንደራሲ በየነ ሃይለ ዮሃና! እንቋዕ ትጽቢት ባህግኻ ሰመረልካ! እናበልኩ: ኣብ መጻኢ ፍርያት ስራሓቱ ክብርክተሉን ክጽብቐሉን ብስም ኩሎም ኣፍቀርቲ ድርሳኑ ኣሳልጦን ዓወትን እምነየሉ;

የቐንየለይ!



PDF created with pdfFactory trial version www.pdffactory.com